# ኣብ መርዓ ጓለን....

*ካብ ብርዒ ሓቂ...*

ኣረ እንታይ እዩ ወሪዱኒ
ሐሊማቹ ክኣሪ ፡ ጸጽቡቹ ይሓልፈኒ
ዝተቓለሰ ክገፍሖ ፡ ንዓይ ዝጸበኒ
ኣረ እንታይ'የ ኮይነ ፡ እንታይ ወሪዱኒ !

ጠባይ ድየ ኣኽፊኣ ፡ ወይስ ኣስጊለ
ካብቲ ዕሙር ዳስ ፡ ንበይነይ ሓኪለ
ርእሰይ ሓኺፍ ፡ ይዕዘብ ደኒነ
ኣንጊሀ እቹዝም ፡ ኣብ ለጋ/ሽቦ ተሓምበለ ፡

እንታይ እዩ ወሪዱኒ ?

ህዝበይ ክዓስል ፡ ኣብዛ ለዋህ ሃገሩ
ኣነን ምስጸላእቲ ሕሹኽ ፡ ክስዕም ኣሰሩ
መዋዕልተይ በዲዶ ፡ ትምህርትና ኅባጥ ከምበቡ
ጐይታና ከዳሚ ፡ ዘምጽኣልና ሕንኩሮ ትዓሲቡ ፡

ነግዲ ኣምሩ ኮይነ ፡ ንከንቱ ክወፍር
ጠባየይ መጺጹ ፡ ትዓሲበ ክድረር
ሃገር እንክለኒ ፡ ከምዘይብለይ ሃገር
ካብ ህዝብኻ ምፍላይ ፡ ሕሩመይ ክመርር ፡

ኣረ እንታይ እየ ኮይነ ፡ እንታይ ወሪዱኒ ?
ስለእዝግሄር ፡ እስከ ኣማኽሩኒ
ብድሕረይ ዝተወልደ ፡ ካን ክዒቡኒ
እንተሓሰብኩዎ ፡ ምፍጣረይ ኣጽሊኡኒ ፡

ኣረ ኣሎ ፡ እቲ ዝገደደ ውርደት
ንደቀይ ክሕሱ ፡ ከምዘይብለይ ናጽነት
ልቢ ምስዓኸሎኽ ፡ ተወዲኡ ቊልዕነት
ሕቶ ይመጽእ ፡ ርስቲ ንሃገር መሰለት
ዝነበረ ሓሶት ፡ ይድበስ ብወስለትለት ፡

ንሱ እዩ ትርፉ ፡ ምሕካል ካብ ህዝብኻ
መስከብካ ገዲፍካስ ፡ ምንፋኞ ዘይሃገርካ
ዘይጫማኻ ምውዳይ ፡ እናሓደረ ይዘልቀካ
ገዲፈሙኻ ይኸዱ ፡ ትተርፍ ኣንደልሂጽካ ፡

ገሪሙኒ ኣነ ስ ፡ ሎሚ ተጣዒሰ
ፋይዳ ዘይብለይ ፡ ሓሞተይ ስፈሰሰ
ካብ ሓድነት ሕዝበይ ፡ ንጽምዋ ኣላጊሰ
እኞረ'ዶ ትብሉለይ ፡ ክምለሰኩም ተናሲሐ ፡

ምስቲ ሓወይ ጅግና ፡ ምፍጣርና ካብ ሓደ ማህጸን
ንሱ ፍቖሪ ክልግስ ፡ አነ ዝበልኩ ኣበደን
ንሱ ክኽብር ፡ ኣነን ክፍንፈን
ከምቲ ዝተባህለ ፡ ምኟነይ
ኣብ መርዓ ጓለን ቀለቅል ምዓለን ፡.....

*ምኽሪ ንዝሓከሉ ፡ ድርሰት ብብርዒ ሓቂ ፡*